# መደብ ዘይነበሮ
# በየን ክጅምሮ፡ መዓስ ክመሃሮ?

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልየ
ዕለት 15-10-2012

ስርርዕ ሽፋቱ ህግደፍን ጸገማቶምን

ኣብ ዓለም ንኹሉ ኣምራት ኣመጻጽኣሉን ኣጠፋፍኣሉን ኣለዎ እዚ ኸኣ ባህርያዊ ተፈጥሮ ዓለም ስለ ዝኾነ። ተመሃራይ ሊቕነት ለቢሱ ክበሃልን ክትርጎምን እንተድኣ ኾይኑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምውዓልን ምንባብን ምጽሓፍን ጥራሕ ኣይኮነን ሊቕነት ለቢሱ ክብሎ ዝኽእል፡ እንታይ ድኣ? እንተማህሮ ብኽመይ ኣብ ግብሪ ከም ዘውዕሎ መደብን ቅጥዕን ምስ ዝህልዎ ጥራሕ እዩ፡ ብዝተረፈ! ተማሂሩ ኣንቢቡ ጽሒፉ ኢልካ ሊቕነት ለቢሱ ምባል ምህላልን ኣእምሮኻ ምህማልን ምትላልን ጥራሕ እዩ።

ስርርዕ ሽፋቱ ህግደፍ

ንሃገራዊ ናጽነት ኢሎም ምስ ተወፈዩ፡ ኣብቲ ዝተሰለፉዎ ንእቲ ሃገራዊ ናጽነት ብኣውዲቕካ ሕለፍ ብልሙዳትን ምኩራትን ተቐጢዑሎም ምስ ኣትከሉ ሓቂ ዝብል ሰብ ክሓቅቕ ምስ ኣስተብሃሉ ብዙሓት ውፍያት ነቲ ንኽውፈዩ ዘበገሶም ዕላማ ኣህሲሶም መጀመርያ ብኽመይ ህይወቶም ይዕቅቡ ሃንዲሶም ካብ ሓቂ ክብል ዝሓቅቕ ምስ ኣሕሊፍካ ሃቦ፡ ሓቂ ዝኣምን ኣይትቕረቦ ዝብሉን ሓይሊ ቶንኮሎም ዘማዕብሉን ዘይጸድቕ ዝብል ጠላም ሰምዒታት ስለ ዝተኣታተዎም ተዓፊኖም ናይ ሰይጣናዊ ተግባራት ዕስኩራት ኮይኖም ስለ ዝነብሩ ናይ ስግኣትን ስክፍታን መሳልል ኮይኖም የገልግሉ።

በዚ ዝተሃንጸ ስርርዕ!!

እታ ትማል ንመቓልስትኻ ንመታዓጥቕትኻ- ናይ መስዋእትን ስንክልናን መዋፍይትኻ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ክጸንት ዝረኣኻዮ ብትምታኻ (ስቕታኻ) ዝጠለምካዮ ንዓኻ እውን መዓልታን ወቕታን ኣኺላ ክትብጽሓካ ስለ ዝኾነት እታ ወቕቲ ንኽይተርክበካ ተሰኪፍካ ወይ ፈሪህካ፡ ንመሃሮን መልማሊን ክፍእ ህላዌኡ ከየብቅዕ ብኽመይ ህላዌኡ ይናዋሕ ክትሰርዕ ቀዳማይ ዕላማኻ እዩ እሞ ታሪኽ ከይትንተን ብኽመይ እቲ ታሪኽ ከይስራዕ ይበታተን ኮይኑ እነሆ ሎሚ ኣብ ፍቐዶኡ ካብቲ ስርዓት ተባቲኽና ዝብሉ ኣገልገልቱ ነበር ዝብልዎ ዝገብርዎ ዕለታዊ ትዕዝብትና ኾይኑ ኣሎ።

ክዝክር ኣፍቅዱለይ!!

ሕዳር 1962 ኣብቲ ንሂሩ ማዕቢሉ ዝነበረ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብሓራካ ማሕበር ሸውዓተ ተሳትፎይን ኣበርክቶይን ተራ ዝሃብኩሉ ኣያታተይ መስረትቲ ስውኣን ትኩእ ይሕደጎ፡ ኣብ ድሕሪ ዕልልታ ናጽነት ብሕማም ምኽንያት ካብዛ ዓለም ዝተፈልዩ ጀጋኑ ሃገር- መሓሪ ደበሳይ፣ ተኽላይ ገብረስላሴ (ሓራካ)፣ ካሕሳይ ባህልቢ (ወዲ ልቢ) ኣብ ጥቓ ማይበላ- መጀመርያ እቲ ብጎድና ኣንትስ ማቴንስ ዝጽዋዕ ዝነበረ ጎድኒ ክበብ ጋንታ ኣዱሊስን ዙላን ዝነበረ እንዳ ኣህለንዎ ሳህለን እንዳ ሻሂ ጸዊዖም ካብ እተሳዘብናሉ፡

*“ኣብቲ እዋን እቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓረካ ማሕበር ሸውዓተ ማዕቢሉ ናይ ሓንሳብን መወዳእታን ዓወት ናጽነት ኣትኪሉ ንሰራዊት ፖሊስ ኤርትራ መልሚሉ ብጻዕረ መንገዲ ኣቦታት ሓጅ ኢማም ሙሳ ቀኘዝማች ብርሃኑ ኣሕመዲን ንሓለቓ ፖሊስ ሰራዊት ነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት እውን ኣብቲ መኸተ ኣካፊሉ ስለዝነበረ፡ ነቲ ወፍሪ ብፖሊስ ሰራዊት ኤርትራ ብኸመይ የድምዕ ካብ እተሰማምዑሉ መነቓቕሒ ህዝብን ፖሊስ ሰራዊት ክኸውን ናይ ፖሊስ ሰራዊት ትያትራዊ (ኦርኬስትራ) መደብ ክምስረት ከም ዘለዎ፡ ነዚ ንምትግባር ከኣ ኣብቲ እዋን እቲ ኣነ ቃሕታይን ስምዒተይን ኮይኑ ግጥሚ ምጽሓፉ ይፈትው ስለዝነበርኩ ኣያታተይ ናይ ቃልሲ መሃርተይ ተራይ ኣብ ፖሊስ ሰራዊት ከም ሙዚቀኛ ኾይነ ተራ ዕማም ክገብር ከም ዘሎኒ ምስ ኣዘዙኒ!!*

*ኣነ ፖሊስ ክኸውን?*

*ኣነስ ኣገልጋሊ ኢትዮጵያ ክኸውን?*

*ኢለ ንመልእኽቶም ምስ ተቓወምኩዎ፡ እቲ ስምባደይ ኣስሒቑዎም ህድእ ኢሎም ከረድኡኒ ዝበልዋ ቃል ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣእምሮይ ተሰሪጻ ኣላ።*

*ንሳ ኸኣ!!*

1. *ንጸላኢኻ ኽትክርትሞ! ኣብ ማህጸኑ ኢኻ ትሕተም!!*
2. *ጸላኢኻ ንኽይጥርጥረካ፡ ፈታዊኻ ይሕመየካ!!*

*ነዚ ዓቢይ ምህሮ ከዕግቡኒ ኸኣ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ስውኣን መሓሪ ደበሳይን ተኽላይ ገብረስላሴን (ሓራካ) ናይ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ “ሙኒቺፕዮ” ወታሃደራት ስለዝነበሩ፡ ኩሉ ዓስከር ናይ ኢትዮጵያ ኣገልጋሊ ክበሃል እንተኾይኑ ንሕናኸ ኣገልገልቲ ኢትዮጵያ ክንበሃል ማለት ድዩ? ምስ በሉኒ ነቲ መልእኽቲ ተቐቢለ ኣብ ስውር ቦታ መንገዲ ፎሮቭያ “ምድሪ ባቡር” ምሸት ከባቢ ሰዓት 21 (ትሽዓተ) ኣነን ትኩእን ነፍስሄር ግርማይ ገብረመስቀል ኣባል ማሕበር ሸውዓተ ተኸታታሊ ዞና መደበርን ገዛ ከኒሻን ዝነበረ ምስ ነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ተራኺብና ብዛዕባ ክትባተይ ሙዚቀኛ ፖሊስ ተሰማሚዕና ዕለት 13-11-1962 ኣብ ኣጂፕ (ክፍሊ ምምሕዳር ፖሊስ) ከይደ ወታሃደር ቁጽሪ 8157 ተዋሂበ ተኸቲበ ንማእከል ፖሊስ ሰንበል መንበሪን መዋፈሪን ክፍሊ ሙዚቃ ፖሊስ ሰራዊት ኤርትራ ተመዲበ ተልእኾይ ኣብ ምትግባር ጀመርኩ።*

*እዚ መዘከርየይ!!*

*ፍሉይ ተመኩሮ ድኣ ይኹን እምበር ምስ ህሉው ኩነታትና ክዝከር ክመራመር ዘኽእል ነጥብታት ክቕልዕ ይኽእል ይኸውን ዝበል ራኢ ስለ ዘሎኒ እዩ።*

*ንሱ ኸኣ!!*

1. *ደምበ ተቓውሞ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዕንክሊልን ሰንከልከልን ተንጠልጢሉ ዘሎ ንእታ ኣያታተይ መማህራነይ ዝበልዋ ጸላኢኻ ንኽይጥርጥረካ ፈታዊኻ ይሕመየካ፧፧*
2. *ንጸላኢኻ ኽትክርትሞ ኣብ ማህጸኑ ኢኻ ትሕተም ዝበልዋኸ ኣብ ማህጸን ተቓውሞና ተኣታትዮም ከይህልውን ዘይክልውን ዘረጋገጽናዮ ኣሎ ድዩ?*

### *ሸፍታ ኤርትራ!!*

*ገዚፍ ተመኩሮኡ ባዕሉ ከይሓፈረ ዝገልጾ ምስጢር ንኽነዋህልል ኣንስቲ ሓዳር ከይተረፉ ኢና ነመንዝር ዝብሎ መጋበርያኡ ዝነበሩ ታተ ኣቢሎም ንቶንኮላቱ ዘማዕበሉ ክሳዕ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሕቑፎኡ ዝነበሩ ሎሚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ተኣታቲዎም ውድበይ ዐቁበይ ዝብሉ ብዙሓት ከም ዘለው ዕለታዊ ተርእዮና እዩ። ሃሊዎም ከኣ፡ ብኣገልግሎቶም ተናሲሖም ዝፈልጥዎ ኩሉ ፈዲሖም ኣብ ከም ሰቦም እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ ንዝተዓሸውናዮ ብኸመይ ንድምስስ ኣብ ክንዲ ምባል መሪሕ ደምበ ተቓውሞ ክኾኑ ምድባል ንኣየናይ ዘይተበደልናዮ ዘይተገፋዕናዮ ክብድሉናን ክገፍዑናን ክጽፍዑናን ስለዝደለዩ ከምኡ እውን ከም ሓለይትን ክንዲ ጥልመትና ተሓለቕትን ኢልና ክንኣምነሎም ዘኽእለና መብዛሕትኦም ድሕሪ ምግባል ጃንዳ ሸፋቱ ህግደፍ፡*

1. *ስድራቤታት ክግፍዑ!!*
2. *ስንኩላን ሃገር ክውቅዑ!!*
3. *መናእሰይና ካብ ሙውቕ ገዝኦም ክምንዛዑ!!*
4. *ኣውራጃታትና ክድምሰሱ!!*
5. *መሬታትና ኣብ ዕዳጋ ክወርዱ!!*
6. *ሃብቲ ሃገርና ክህገሩ!!*

*ወዘተ…ወዘተ*

*ኣብኡ ዝነበሩ ኾይኖም ሓንቲ መዓልቲ እኳ ጌጋ ይግበር ኣሎ ዓገብ- ዓገብ ኢሎም ክዳፍዑ ድምጾም ከስምዑ ኣይተሰምዑ ኣይተራእዩ። እዚ ኸኣ ናይ ሕጂኦም ዘይኮነ ኣብቲ ምግባል እዚ ሸፍታዊ ስርርዕ ንዓኻ ክሳዕ ዘይትንክፈካ እንታይ ኣተሓለቐካ ዝለመድዎ፡ መማሕልቶም እናተረሸነ ኣእዛኖምን ኣዒንቶምን ዝሓተምዎ ባህርያቶም ምኽኑ ዝሕብር ድኣ እምበር እታ ክንጋደለሳ ክንስውኣሳ ዝበልዎ ሃገር ካብ ባርነት ከነገላግሎ ህዝብና ዝበልዎ ናብ ዝጸዓቐ ባርነት እናኣተወ እናረኣይዎ ትም ድሕሪ ምባል ሕጂ ኣብ ውሻጠ ተቓውሞ ኬንካ ምድባል ሰለምንታይ ዝብል ምርምር ክንገብር ይግበኣና እዩ።*

### *ከመይሲ!!!*

*ንጹር መተኣማመኒ መወከሲ ከይሃለወና ኣብ ውሻጠና ከነዔንድሮም ንዓና ምንዋሕ ጸገም ንያኦም! መደለይ ዘመን! ንስርርዕ ሸፋቱ ኸኣ ቀጽል ኣጀኻ ኣይትህደም ዘስምዕ ምኽኑ ኣይንዘንግዕ።*

### *ዘሕምቕ ኣሎኒ!! ክዘብጦ በትረይ ኣቐብሉኒ*

*ዝብል ብሂል ኣሎ ንሱ ኸኣ፡ እዚ ክቡር ኤርትራዊ ህዝቢ ኣብ ሓደ ባህገ ብሓደ ልቢ ኣብ ጽላል ረቢ ዝኣምን በብዝተሰፈውዎ ኣሚኑ ተጠሊሙ ምንባሩን ምህላውን ነቲ ኣተኣማምናን ኣጠላልማን ዝቦኽዑሉን ዝተጋሓመጡሉን ፍርያቶም ፈዋሲ ብምስኣን ኣብ ፍቖዶኡ ይነፈስ ምህላው ሸፍታ ኤርትራ ህግደፍ ጸላእተይ ተመሲልኩም ብዝሓለፈ ኣዕሊልኩም ዝረኸብኩሙዎ ወይ ዝሓስብኩሙዎ ቀለማት ላኻኺኹም ሕጂኸ ብኣና እንታይ ይሕሰብን ይፍተልን ኣኻኽቡ ኢኹም ኢሉ ዘዋፈሮም ከምዘለው ስሉሕ ሓበሬታታት ኣሎ ከጋልጾ ኸኣ እየ እሞ ተጠማጢምናዮ ዘሎና ቃልሲ ክንበትኮ ኽንሓኮ ንኽንበቕዕ መጀመርያ ኣብ ውሻጠና ስርርዕ ዘሎ መስርዕ ብዕቱብ ምክትታል ክንልክዕ*

ኽንክእል ናይ ግድን ኮይኑ፡ ቃልሲ ተቓውሞና እንታይ ኮይኑ ቅጡዕ መልክዕ ስኢኑ? እትብል ሕቶ ካብ ኣእምሮና ከነውጽኦ የብልናን ብኡኡ ኣቢልና ኸኣ ንሽፍትነትን ሽፋቱን ህግደፍ ብኸመይ ንሕግሕጎ ተመንዚዑ ዘሎ ስልጣን ህዝቢ ብኸመይን ሰለምንታይን ነሕድጎ ዝብላ ሕቶታት ተመርኪስና፡ ኣብ ዓለም ትፍጠር ንዘልዓለም ግን ነይንበር ብሓቅን ሕድሪ ምኽባርን ክትዝከር ኣብ ታሪኽ ከም ትምስከር ዝተባህለ ኣብ ክንዲ ሃታ! ሃታ! ናይ ዓዋንጣ (ጉርሒ) ሽመታ ሕሱር ታሪኽ ብዓል ህግደፍ ንምድጋም ህዝቢ! ህዝቢ ምስ ተጠቐምካሉ ኸኣ ድርቢይ መንእሰይ! መንእሰይ ምስ ተጠቐምካሉ ኸኣ ትም በል ኣይትሕምመኒ ርእሰይ፡ ደቂ ኣንስትዮ! ደቂ ኣንስትዮ ምስ ተጠቐምካለን ከኣ መሰል ንእንታይ ኣደኺ ደሊኽዮ ኢልካ ምሽክዕላል ንኽሕተም ጥልመት ከይድገም።

ከምዛ! ተባዕ ተጋዳላይ ተስፋይ ተምነዎ

"ሀ" ኢሉ ነዚ ገስረጥ ስርርዕ ሽፋቱ ብድቂ ካበይ! ከመይ! ሕጂኸ ናበይ ዘዕግብ ትንተና ዝትንትኖ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ ኸኣ ንኹሉ ወራሲ ወለዶ ዝርከብ ሕድሪ ብግቡእ ሰሪዑ ኣወንታ ኣሉታ ቀሊዑ ኣብ ጥጡሕን ውሑስን ባይታ ንኽዋሳእ ከኽእሎ ኣለዎ። ፈረስ የብጽሕ እምበር ኣይዋጋእን ከም ዝበሃል ስርርዕ ሽፋቱን ሕማማቱን ሰባት ኣሊኻ ዝጥዒ ዝፍወስ ኣይኮነን። ካብ ሱሩ ምሒኻ ኣብ ዘይምለሰሉ ደልሃመት ክትድቕድቖ እንተኼንካ ከምታ ጀጋኑ ብጾትና! ኣሕዋትና! ኣዕሩኽትና! መቕርብና! ንመስዋእቲ ሃገር ኽቀዳደሙ ኣነ ክስዋእ ንስኻ ጽናሕ ሕድሪ ኣረክብ ጽባሕ ኢሎም በጃ ዝሓለፉ እሞ ተጠሊሞም ዘለው፡ እቶም በዚ ጥልመት እዚ ንጉሂ ነማርር ነታ ጽፈት ኣበይን ከመይን ከም ዘላ ኣለሊና ዓጊቱዋ ዘሎ ግመ ኣብሪህና በዝን ከምዝን መንገድኹም ንሕና ሓቢርና ኣሎና ዝተረፈ ኸኣ ተራኹም ክንብል ክንበቅዕ ኣሎና።

ስርርዕ ሽፋቱ ህግደፍ

ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ርኽሰት! ሕስረት! ግስርጥነት ኣብ ዓለም ዓብሊሉ ዓፊኑዎም ከም ዘሎ ልዕሌና ልዕሊ ከሰስቶም እውን ፈሊጡሙዎ ኣለው። ፈሊጦም ኸኣ ነታ ብኣጋኡ ክእረሙላ ዝነበሮም መንገዲ ስለ ዝተደቐደቕዋ በየን ከም እትሕለፍ ስለ ዘጥፍኡዋ ዓቕሎም ጸቢቡዎም ኣብ ነንሕድሕዶም ምጥምማትን ምፍጣጥን በጺሖም ኣለው።

ኣብ ስምባደ ዘሎ

ጽላሎቱ ከይተረፈ ውሕ ስለ ዝብሎ ሎናትና ወረ ሎናትን ዘየሎ ጎንጺ ከምህዙ ክምህለሉ ዘውዕሎም ዘሕድሮም ዘሎ እቲ ኣብ እንኮ ምርጫ ዘብጽሖም ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ባዕሉ ኣብ ኣፍደገ ምዝዛም ገድሊ ናጽነት ምስ ተበጽሔ ንኹሎም ሓለፍቲ ሓይልታት፣ ኮራት፣ ብሪጌዳት ወዘተ... ኣኪቡ፡

"ካብ በረኻታት ናብ ከተማታት እንኣትወሉ ግዜ በጺሑ ስለዘሎ እታ እንኮ መንበሪትና ምስጢራና ክዕቀብ ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽና እንተድኣ ፈሊጡ ሓይኹ ጡፍ ከም ዝብለና ኣይትረስዑ ናይ ኩልና ታሪኽ ምሳይ ተዓቂቡ ስለዘሎ ብኣይን ዕላማይን ዝዛረብ ክቐልዓ እየ ናቱ መዝገብ ስለዚ ንተዓቀብ ንተዓቓቐብ11

ዝብላ ብመስርሕ ቶንኮላቱ ንዓመታት ዝተገብረ ክፍኣታት ኣጨማሊቕዎም፡ ኣጠላቕዩዎም ስለዝነበረ ናይ ሓባር ስምምዕ ክገብሩ ቀይድዎም፡ ኣብ ተንበርካኽነት ስለ ዘጥሓሎም እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለው ኣብ ሙዩቕታ (ፍርሂ) እቶም ኣብ ፍቐደ ዓለም ተዘሪዎም ዘለው ኸኣ ኣብ ስቅቕታ ስክፍታ ስለዘለው ናብ ደምበ ተቓውሞ

ተጸጊያም። እቲ ተቓውሞ ዝበሃል ስም ህልው ኮይኑ ብመንገዶም ተኣዲኑ እቲ ዋንነት ሃገር ናይ ህዝቢ ንኽይረጋገጽ ኽስላኽሉ ንሶም ይሓልሙ ክሳዕ ሕልሞም ዝገሃደሉም ስኣ ንስርርዕ ሽፋቱ ህግደፍ ብዘይውዲቶም ንኽይዕለው ሓለዋ ክኾኑ ተጊዲዶም።

ናጽነት ካብ ዝበሃል

ድሮ (21) ዕስራን ሓደ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ ዓመታት እዚ እንታይ ተገይሩ? እንታይ ተማዕቢሉ ክበሃል እንተኾይኑ፡

1. ስቃይ ህዝቢ ጥርዙ ስሒቱ ሃውቲቱ!!
2. መብራህቲ (ሊቺ) ተሳኢኑ ጸልሚቱ!!
3. ወለዶ ኤርትራ ሃገሩ ጠንጢኑ ተሰዲዱ!!
4. ኣብ ክንዲ ቤት ትምህርትታት ቤት ማእሰርቲ ተራቢሑ!!
5. ብኣነባብራ ህዝቢ ኣሸንኪይዶ ስድራቤት፡ ሃመማ (ጽንጽያ) ሰንቢዱ!!!
6. ጽሬትን ጥዕናን ብርስሓትን ሕማምን ተለዊጡ!!

ጉዳም ዘመን!!

ናጽነት እናበሉዶ፡ ኣምጽኡልና ተመን?

ሕቶን መስተንትኖን ኮይኑ እቲ ትማል ብዘመን ጥልያን እተሃንደደ ምድቓል እሞ ኣንታ ሓንፈጽ ጣልያን፡ ኣንታ ሓንፈጽ ዓረብ ክትብል እንክሎኻ ጽያፍ ኮይኑ ዘግንሕን ዘግስጽን ዝነበረ፡ ሎሚ ኮረያየ-ቺናየ እንታየ ዝብሃል ኣብ ማህጸናት ኤርትራውያን ዝስኳዕ ዘሎ ምስ እቲ ኣብ ስደት ዝውለድ ወለዶ ኤርትራውነቶም ፈሊጦም ድዮም ክሕበኑሉ?

ሕልናዊ መልሲ ክንህበሉ ኣሎና!!

ነዚ ንምምላስ እንተድኣ ዘይበቒዕና ኣቐዲምና ክንፈልጦን ክንኣምኖን ዘሎና፡ ታሪኽ በዓል ኳንጻ ኳንቲ ጸለምቲ ኣመሪካውያን መቐጸልትኡ ምዃኑ ስም ዝኾነ ኣይዘንጋዕ።

ኢሳያስን መዋድኽቱን!!!

ነዚ ፈሊጦምን ተማህሊሎምን ስኣ እዮም ዓቐን ንቁጽሪ ዘይብሉን ዋሕዚ ሃጽታ ኤርትራ ዘማዕብሉ ዘለው እሞ፡ ነዚ ጠጠው መበልን ንድምሰሳ ኤርትራውነትና ምክልኻልን ንጹር ዕላማን ቅጥዕን ንግበር ብልሙዳት ኣንደላሓቒቲ ኣይንጠበር።

ስለዚ

ቃልስና ኣብ ሃዋህው ዕንደራ ተለዓል ተለዓል ዘይኮነ፡ ወራሲ ወለዶና ዕላማኡ ቃልሱ ንጹር ባይታ ሃሊውዎ ንድሕነት መንነትና ኤርትራውነትና ንዘረጋግጸሉ ተበግሶ ከመይን ብኸመይን ንእንታይን እቶም ህልዋን ኣፍልጦታትናን ተመኩሮታትናን ብጽዕዱው ሓቂ ንንገሮ ንምሃሮ ነንቅሎ።

ሰናይ ቅነ

ንዓናን ንናትናን ፈደይ ሕነ